ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ዞባ ኤውሮጳ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
إقليم أوروبا

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
Europe Zone

# መግለጺ መሪር ሓዘን
# ብሞት ክቡር ብጻይና ሳልሕ መሓመድ



ብጻይናን ሓውናን ሳልሕ መሓመድ ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ሆስፒታል ክዕቆብ ድሕሪ ምጽንሑ፣ብዕለት 22/02/2023 ኣብ መበል 72 ዓመት ዕድሚኡ ብሞት ተፈሊዩና። ብዕለት 27/02/2023 ድማ ኣብ ከተማ ኡልም (ጀርመን) ሓመድ ኣዳም ለቢሱ።

ብጻይ ሳልሕ ካብ ኣብኡ ኣቶ መሓመድ ዑስማን ድራርን ካብ ኣዲኡ ወ/ሮ ፋጥማ ዑስማን ሰምሃራይ ኣ 1951 ኣብ ከተማ ከረን ተወሊዱ። ድሕሪ መባእታዊ ትምህርቱ ኣብ ፖሊስ (ትራፊክ) ክፍሊ ሕጊ ኣገልጊሉ። ፍቅሪ ሃገሩ ክብ ዝበለ ብምንባሩ ዕላማታት ህዝቢ ኤርትራ ንምዕዋት ኣብ ውሽጣዊ ስርርዕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተወዲቡ ልሉይ ሃገራዊ ግደ ካብ'ቶም ዘበርከቱ ሃገራውያን ምንባሩ ታሪኽ ቃልስና ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ኣብ 1980 ናብ ሰደት ምስ ኣምረሐ'ውን ደኺመ ካይበለ ብጽንዓትን ብተወፋይነትን ክሳብ ዕለተ ሞቱ ሃገራዊ ጉቡኡ ኣወፊዩ፣ ኣቦ መንበር ጉጅለ ኡልም ናይ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኮይኑ ከቃለሰን ከቃልሰን ጸኒሑ።

ንብጻይና ሓርበኛ ሳልሕ መሓመድ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎ።
ንክቡራት ስድራ ቤቱን ብጾቱን ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃቦም ይሃበና፣

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዞባ ኤውሮጳ
01/03/2023